# እዋናዊ መግለጺ ዝተፈለየ ቅዋም ዝሓዝና ላዕለዎት ኣመራርሓ ሰራዊት ትግራይ

ንሕና ኣብዚ ቅንያት ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ላዕለዋት መራሕቲ ሰራዊት ትግራይ ክንሳተፍ ዝቐነናን፥ ብምኽንያት ኣብ ልዕሊ ሰራዊትና ዘንጸላለወ ሓደገኛ ቅዋም ብጾትና፡ ተቓዉሞና ገሊጽና ቅዋምና ክንሕዝ ዝተገደድናን ተጋደልቲ፡ ምእንተ ዘዕበየናን ዘጋደለናን ህዝብናን ምእንተ ብደም ብጾትና እናተኾለዐ ዝነብር ብሄራዊ ክብርናን ክንብል ዓድና ትግራይ ብዕስለ ጸላእቲ እንትትውረር ከካብ ዝነበርናሉ ምድብ ስራሕን ውልቃዊ ህይወትን ብዘይ ዝኾነ ቅድመ ኩነት ተላዒልና ናብ መሬት ዓድና ብምእታውን ኣብ ማእኸል ለባም ህዝብና ኮይንና ብምግዳልን፡ ሳላ ንመሰሉን ክብሩን ንጻት እውን ዘይደራደር ህዝብና መስዋእቲ እናኸፈልናን ዓወት እናተጎናጸፍናን፥ ክሳብ እዛ ሰዓት እዚኣ ዝተጋድልናን ዘጋደልናን ደቂ ህዝቢ ኢና። ተጋድሎና ዋላ እኳ ብፍጹም ዓወት ዘይተዛዘመን ሕዚ እውን ኣብ መኸተ ዘሎን እንተኾነ፥ እዚ ዝብሃል ናይ መኸተ ሓይሊ ካብ ዘይነበራ ትግራይ ተበጊስና ምስ ዓበይቲ ሓይልታት ገጢምና ከም ህዝቢ መኪትና ንዓለም ዘስደመመ መኸተ ኣካይድናን ነካይድ ኣለናን። ኣብዚ መሪር እዋን እዚ፡ ህዝብና መስርዕና ከይዛሪ ደቁ፣ ክብድና ከይጠሚ ስንቁ፣ መኸተና ከይጎትም ድማ ዕጥቁ ሂቡ ኣጋዲሉና። ተጋዲሉን ኣጋዲሉን፥ ቀደሙ እውን ባህጊ ህዝቢ ኣብ ዝኾነት ናይ ሰላም ጽላል ክንዓስል እናመረረና እውን እንተኾነ ምእንተ ረብሓ ህዝቢ ኣብ ዝተቐበልናዮ ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ በጺሕና።

መላእ ላዕለዎት መራሕቲ ሰራዊት ትግራይን ከቢድ መስዋእቲ ዝኸፈለ እንመርሖ ጅግና ሰራዊትናን ድሕሪ ፕሪቶርያ ኣይጠዓሞን። ቀንዲን ብሕታውን ምኽንያት ናይዚ፥ እቲ ዝተጋደለሉ ህዝቢ ስለዘይጠዓሞ እዩ። ስለዘይጠዓሞ ጥራይ ዘይኮነ በብዕለቱ ናብ ዝኸፍአ ርእሲ ምድናንን ብሄራዊ ጸገምን እንትኣቱ ስለዝርኢ ዘሎ እዩ። ናይዚ ምኽንያት ከዓ ዋላ እኳ ደጋዊ ተጻብኦ እውን እንተሃለወ እቲ ኣብ ውሽጢ ዝተፈጠረ ፖለቲካዊ ዕንክሊልን ዕግርግርን ምኽኑ እንትርዳእ ገድሉ ከምዝባኸነ ይስምዖ። ደም ብጾቱ ከንቱ ከምዝፈሰሰ ይሓስብ። ህዝቢ ሓደራ ኢሉ ዝሃቦ ብሄራዊ ሓላፍነት ከምዝተሓንሸሸ ኮይኑ ይስምዖ። በዚን ወዲ እዙይን ሰራዊት ድሕሪ ፕሪቶርያ ኣይጠዓሞን።

ኣብዚ ቅንያት ካብ 10 ክሳብ 14 ጥሪ 2017 ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ላዕለዎት ኣመራርሓ ሰራዊት ትግራይ ዝተሳተፍናን ተቓዊምና ዝወጻናን እዚ ቅዋም ዕላዊ እንገብር ዘለና ላዕለዎት ኣመራርሓ ሰራዊት ትግራይ፥ ቀንዲ ዕላማን ሸቶናን ህዝቢ ኣብ ምውሓስ ሰራዊቱን ቀጻሊ ህላዉኡን ንጹርነት ክህልዎ ንምሕጋዝ ጥራሕን ጥራሕን እዩ። በዚ መሰረት ካብ ዝተሳተፈ ጠቕላላ ልዕሊ ክልተ ሚእቲ ላዕለዋይ መሪሕነት ሰራዊት መራሕቲ ኣርምታት ዝሓወሰ እቲ ከባቢ 25 ኣባል ኣመራርሓ ኣብ ዝተቓዎሞ ኣጀንዳ ኣድሂብና፥ እዚ ዝስዕብ በዓል ሸውዓተ ነጥቢ መግለጺ ቅዋም ኣውጺእና ኣለና።

- ✔ ልዕሊ ህዝቢ ዝኸውን ረብሓ ክህልውናን ልዕሊ ስውኣትና ዝኸውን ህላወን ክህልወና ዘይንደልን በዚ ውሳነ እዚ ክሳብ መወዳእታ እንዋደቕን ተጋደልቲ ኣብ ኢድና እልፊ ተባራዓይ ህዝባዊ ሕቶ እናሃለወ ምድሓን ሓደ ውድብን በዚይን በቱይን ዘለዉ ጉጅለታትን ከም ኣጀንዳ መዚዝካ ምይይጥ ምግባር ካብ ተልእኾን ዕላማን እቲ ሰራዊት ዝወጸን ገበንን ብምኳኑ ኣጥቢቕና ንቃወም።
- ✔ ንሕና ኣባላት መሪሕነት ሰራዊት ኮነ መላእ ሰራዊትና ኣብ መንጎ መሪሕነት ህወሓት ዝተፈጠረ ውሽጣዊ ጎነጽ ዘይምልከተናን ናይ ፖለቲከኛታት ዋኒንን እናሃለወ፡ ኣብ ምይይጥና ዝቐረበ ነቲ ጉባኤ ኣካይደ ዝብል ሓይሊ ህወሓት ከም ሰራዊት ከም ኣካል ንቀበሎ ዝብል ብዓብላላይ ድምጺ ዝተወሰነ ውሳነ ብሕጊ፣ ብሞራል ይኹን ብቕቡልነት ዘይሰርሕ ኣብ ልዕሊ ምኳኑ፥ ነቲ ሰራዊት ዝብትንን ብኡ ንብኡ ድማ ተቓላዓይነት ህዝብና ዝውስኽን ሓደገኛ ቅዋም ብምኳኑ ይቕረታ ክሕተተሉን ክእረምን ንጽውዕ።
- ✔ ዝበዝሕ ነባር ኣባል ሰራዊትን ላዕለዋይ መሪሕነት ሰራዊትን ቅድም ኢሉ ሰራዊት ህወሓት ዝነበረ ብምኳኑ፡ ንሕና እውን ዋጋ ከፊልና ዝተጋደልናሉ፣ ዝመስረትናዮን ዘዕበናዮን ውድብ ብምኳኑ፥ ከም ውድብ ክጠፍእን ክብተንን ዘይንደሊ እኳ እንተኾንና ክንሕግዞ እንኽእል ግን ብግልጺ ካብ ሰራዊት ወጺእና ብሲቪል ቃልሲ እምበር ብረት ሒዝካ ብዝግበር ቃልሲ ፖለቲካ ስለዘይኮነ፥ ካብ ናይ ታሪኽ ተሓታትነትን ናይ ወለዶታት ዕዳን ሓራ ክንወጽእ ኣብዚ በታናይ ጸወታ ከምዘይንሳተፍን ካልኦት ብጾትና እውን ናብ ልቦም ክምለሱን ንጽውዕ።
- ✔ ተረዳዲእና፣ ተሰማሚዕናን ተኣማሚናን ዝመስረትናዮ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣብ ትልሙን ወፍሩን ከም ሰራዊት በታ እትምልከተና ኩርናዕ ጥራይ ክንሳተፍን ክንገምግምን እንኽእል ዋላ እንተኾንና ካብ ተልእኾናን ዕማምናን ወጻኢ፥ ፕረዚደንት እቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ንምቕያር "ጻላኢ እዩ" ካብ ዝብል ፍረጃ ጀሚሩ ሰራዊት ኮይንካ ዝግበር ናይ ፖለቲካ ምንቅስቓስ ትካላውነት ዝሰሓተ ብምኳኑ ኣትሪርና ንቃወም።
- ✔ መኸትኡ ኣብ ዘይተዛዘመ ህዝብን ዕማሙ ኣብ ዘይወገነ ሰራዊትን ኮይንካ ፓርቲ ዝመስል ሰራዊት ንምህናጽ ዝግበር ምንቅስቓስ ከይዱ ከይዱ ህዝብን ዓድን ዘጥፍእ ኣካይዳ ብምኳኑ ደው ክብል ንጽውዕ።
- ✔ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ "ይኣክል" ብዝብሃል ሰለማዊ ሰልፊ፣ ብቐጸልቲ ወፍርታት ሲቪልን ሲቪክን ማሕበራት ከምኡ እውን ብተኸታተልቲ መድረኻት ኣረብሪብካ ስልጣኑ ከረክብ ምግባር ዝብል ኣብ ምይይጥና ዝተልዓለ ዛዕባ፥ ኣንጻር መምርሒ ሰራዊትናን ሰራዊት ኣቕዲሙ ዝሓዞ ቅዋምን ብምኳኑ ብዘይ ዝኮነ ቅድመ ኩነት ጠጠው ክብልን ሓላፍነት ክውሰደሉን ንጽውዕ።
- ✔ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዘሎ ህዝብና፣ ኣባል ውድብ ህወሓት፣ ነባር ዓቕሚ፣ ዝተደናገረ መንእሰይ፣ ኣባላት ዲያስፖራ፣ ትካላት ሃይማኖት፣ ሲቪልን ሲቪክን ማሕበራት፣ ኣካዳምያዊ ትካላት፣ ስሩዕን ዘይስሩዕን ትካላት ሚድያ፣ ብለዋህነት ዝግበሩ ናይ ይኣክልን እምብታን ምንቅስቓሳት ወዘተ ነዚ ኣብ ትግራይ መንግስትነት ከይህልዉን ሰራዊት ድማ መሳርሒ ፖለቲካዊ ድልየታትን ክኸውንን ዝደፍእ ንሕና ዝተሳተፍናሉ ኣኼባ ክነጽጎን ንህልውንኡ ዝጠቅም ቅዋም ክሕዝን ንጽውዕ።

ዝኸብርካ ህዝቢ ትግራይ
ዝኸበርካ ጅግና ተጋደላይ
ዝኸበርካ ፈታዊ ገድሊ ህዝቢ ትግራይ
ክቡራትን ክቡራንን!

መሰረታዊ ሕቶታታ ዝመለሰት፣ ናብ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ዘቕነዐት፣ ሕውየታን ዳግማይ ህንጸታን ዝጀመረት፣ ብመረጻን ሲቪል ፖለቲካዊ ሓይልን ዝተመርሐት፣ ኣብ ጎደና ዘላቒ ሰላም፣ ፍትሕን ዲሞክራስን እትስጉም ትግራይ ንምርኣይ ዛጊድ ዝኸፈልክምዎ ክባር ዋጋ ግቡእ ቦትኡ ክንህብ፡ ካብ ዘላቒ ጥፍኣትን መዓትን ድማ ክንወጽእ ብዝሓደረና ባህግን ድልየትን እዚ ቅዋም እዚ ንንጹህ ሕልናናን ንናይ ታሪኽ ተሓታትነትናን ክንብል ኣውጺእናዮ ኣለና። በዚ መሰረት ህዝበይን ሰራዊተይን ዝበልካ ቅኑዕ ትግራዋይ ክትዓስለሉ ዝግባእ ብሄራዊ ዛዕባ ብምኳኑ ኣብ ጎንና ክትከውን ንጽውዕ።

ዝተፈለየ_ቅዋም_ዝሓዝና ላዕለዎት ኣመራርሓ ሰራዊት ትግራይ!!
ዘልኣለማዊ ክብርን ሞጎስን ንሰማእታትና!!

15 ጥሪ 2017 ዓ/ም
መቐለ